# ሸውዓተ መሰረታዊ ስርዓታት ቀይሕ መስቀል - ኮምፓስና ኣብ ስራሕ ቀይሕ መስቀል።

ከም ማሕበር መጠን የዕሙቕካ ናይ ምሕሳብን ግን ከኣ ሚዛናዊ ውሳኔታት ናይ ምውሳን ዓቕሚ ዝሓቱ ምርጫታትን ሕቶታትን መዓልታዊ የጋጥሙና። እቶም መሰረታውያን ስርዓታት ቀንዲ መሳርሒናን ኮምፓስናን እዮም። ካብቶም መሰረታውያን ስርዓታት ተበጊስና ዕላማታትናን ቀዳምነታትናን ንሰርዕ። ብኸመይ ከም እንሰርሕ፡ ንዝተፈላለዩ ጉዳያት ብኸመይ ከም እንሕዞምን ንስራሕና ብኸመይ ከም እንውድቦን መምርሒ ይህቡና።

ኵለን ማሕበራት ቀይሕ መስቀልን ቀያሕ ወርሕን ብመሰረት ሸውዓተ ሓባራዊ መሰረታውያን ስርዓታት ይሰርሓ፡ ንሶም ድማ፡-

| <u>ዕላማ</u> | <u>መሳርሒ</u> | <u>ኣገባብ ስራሕ</u> |
|---|---|---|
| ሰብኣውነት | ገለልተኛነት | ወለንታዊ |
| ዘይሻራዊነት | ሓራ | ሓድነት |
| | | ኣድማሳውነት |

**ሰብኣውነት**
ኵሉ ቀይሕ መስቀል ዝገብሮ ስቓይ ደቂ ሰባት ንምኽልኻልን ንምቅላልን ዝዓለመ እዩ። ሽቶና፡ ህይወትን ጥዕናን ሰባት ምሕላው፡ ክብሪ ሰብኣዊ ክብረት ምፍጣር፡ ከምኡ’ውን ንሰላም ምዕያይ እዩ።

**ዘይሻራዊነት**
ቀይሕ መስቀል ብመሰረት ዜግነት፡ ብሄር፡ ሃይማኖት፡ ማሕበራዊ ደረጃ ወይ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ኣድልዎ ኣይገብርን እዩ። እቲ ሓገዝ ዘድልዮ፣ ሓገዝ ክዋሃብ እዮ። እቲ ዝዓበየ ኣድላይነት ናይ ሓገዝ ዘሎዎ ከኣ ቀዳምነት ክወሃቦ እዩ።

**ገለልተኛነት**
ቀይሕ መስቀል ናይ ኵሉ ሰብ እምነት ንምዕቃብ፡ ኣብ ተጻብኦታት ወገን ኣይመርጽን ወይ ኣብ ፖለቲካዊ፡ ብሄራዊ፡ ሃይማኖታዊ ወይ ስነ- ሓሳባዊ ፍልልያት ኢዱ ኣየእቱን እዩ።

**ሓራ**
ቀይሕ መስቀል ሓራ እዩ። ዋላ’ኳ እተን ሃገራዊ ማሕበራት ኣብ ግብረ-ሰናያዊ ዓውዲ ንመንግስታተን ደጋፊ ተራ እንተሃለው፡ ከምኡ’ውን ነፍሲ ወከፈን ንሕግታት ሃገረን ክግዝኣ እንተሃለወን፡ ወትሩ ብመሰረት ስርዓታት ቀይሕ መስቀል ክዋስኣ ዘኽእለን ናጽነተን ክዕቅባ ኣለወን።

**ወለንታዊ**
ቀይሕ መስቀል ኣብ ወለንታውነት ዝተመስረት እምበር ብናይ ግሊ ረብሓ ዘይድረኽ ማሕበር እዩ። ኣብ ቀይሕ መስቀል ምስታፍ ብድልየትካ ዝግበር እዩ። ከምኡ’ውን ካብ ቀይሕ መስቀል ሓገዝ ምቕባል ብድልየትካ ዝግበር እዩ።

**ሓድነት**
ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ሓንቲ ሃገራዊ ቀይሕ መስቀል ወይ ሓንቲ ቀያሕ ወርሒ ጥራይ እያ ክትህሉ ትኽእል። ንኹሉ ሰብ ክፉት ክኸውንን ንብምልእታ እታ ሃገር ክሽፍንን ኣለዎ።

**ኣድማሳውነት**

ቀይሕ መስቀል ዓለምለኸዊ ማሕበር ኮይኑ ኲለን ኣብ ውሽጡ ዝርከባ ሃገራውያን ማሕበራት ማዕረ ኮይነን ነንሕድሕደን ንኽተሓጋገዛ ሓደ ዓይነት ሓላፍነትን ግዴታን ኣለወን።